# መልእኽቲ ናብ ህዝቢ ኤርትራ፡
# 01 ጥሪ 2020

## ዶር. ገብረ ገብረማሪያም

ዋላ'ኳ ከምንቡር ህዝበይ ከመይ ኣለኻ ኢለ መልእኽተይ ክጅምር እንተነበረኒ፡ “ከመይ ኣለኻ ኣይትበሎ፡ ከመይ ከምዘሎ ኣብ ገጹ ራኣዮ” ከምዝባሃል፡ ከመይን ኣብ ከመይን ኩነታት ከምትርከብ፡ ማዓልታዊ ሂወትካን ናብራካን ስለዝሕብሮ፡ ኩነታትካ ከምዘቀንዝወንን ከምዘሻቕለንን ብምሕባር፡ ሰላምታይ ብምቕዳም፡ እንኳዕ ናብ ዓመተ 2020 ኣብጸሓካ ብምባል ጥራሕ ናይ ሓዱሽ ዓመት መልእኽተይ ክጅምር ይደሊ።



ዎ ክቡር ህዝቢ ኤርትራ፡ ኤርትራ ሃገርካ ሎሚ ኣብ ፍጹም ቁጠባዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን ብትከትን ልምሰትን ትርከብ ዘላ ሃገር ኢያ። ኩሉ-መዳያዊ ፡ንቡር-ኣልቦነት” ሰፊኑ፡ ካብ ለንዘበን ዓሚ ይሓይሽ እንዳተባህለ፡ ንዝሓለፉ ክልተ-ዓሰርተታት ዓመታት፡ ካብ ክፉእ ናብ ዝኸፍአ ኩነታት እንዳተሳገርካ ከተሕልፎ ጸኒሕካን ኣለኻን። ንስኻ ባዕልኻ ተሕልፎን ትነብሮን ዘለኻ ሂወት ስለዝኾነ፡ ብዛዕብኡ መግለጺ ይኹን ትንታነ ዘድልየካ ኣይኮነን። ብዛዕባ ሂወት ኤርትራን ኤርትራዊ ሕብረተ-ሰብን ክርዳእ ዝደሊ ኣካል እንተዳሃልዩ ግን፡ ኩነታት እታ መሰረት ቅርጺ፣ ሂወትን ቀጻልነትን ናይ ኤርትራ ዝኾነት ኤርትራዊት ያታዊት መበቖላዊት “ቤተ-ሰብ” ሎሚ ኣብ ከመይ ኩነታት ትርከብ ኣላ ኢሉ ብምሕታት ጥራሕ ክርዳእ ይኽእል ኢዩ። እቱይ ምንታይሲ፡ ማሕበራዊ፣ ቁጠባዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ባህላዊ፣ መንፈሳዊ፣ ወ.ዘ.ተ. ጥዕና ናይ ሓደ ሕብረተ-ሰብ፡ ኣብ ጥዕና ናይተን ዘቕሞኦ ቤተ-ሰባት ዝውሰን ስለዝኾነ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ካኣ፡ እታ ያታዊት ተርሞኑክሌሳዊት ቤተ-ሰብ፡ ኣቦን ኣደን ምስ ደቆም (ይብዝሑ ይውሓዱ) ብሓደ ኣብ ሓደ ገዛ እንዳነበሩ ሂወቶም ንዘማሓድሩ ስድራ-ቤት ዝገልጽ ኣምር ኮይኑ፡ ኣሕዋትን ኣሓትን ምስ ኣቦን ኣደን ብሓደ እንዳነበሩ ኩሉ ናይ ሂወት ጸጋታት ሓቢሮም እንዳተኻፈሉ ተኾስኹሶም ዝዓብዩላ ኣሃዳዊት ትካል ናይ ሓደ ሕብረተ-ሰብ ስለዝኾነት ኢዩ። እዚ ካኣ፡ ሕድሕዳዊ ፍቕሪ፣ ምክብባር፣ ምትሕልላይ፤ ሓወይ-ሓፍተይ፣ ኣቦይ-ኣደይ፣ እዚ-ወደይ፣ እዛ-ጓለይ፣ እዞም-ደቀይ፣ ወ.ዘ.ተ. ዝብሉ ናይ ስነ-ኣእምራዊ፣ ግብራውን መንነታውን መተኣሳሳሪ ገመዳት ዝትነጉላ መበቖላዊት ባህርያዊ ሰፈር፡ ቤተ-ሰብ ምኳና ኢዩ ዝሕብር። ስለዝኾነ፡ ጥቕልል ብዝበለ ኣገላልጻ፡ መንፈርን መዕለብን ሂወት ወዲሰብ ቤተ-ሰብ ኢያ እንተተባህለ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይኮነን። እኩባት ቤተ-ሰባት ካኣ ዝተወሰነ ቅርጺ ሕጀን ማሕበረ-ሰባት እየን ዘቑማ።

ኩነታት ኤርትራውያን ማይ-ቤታት ከመይ ይመስል? ኩነታት ኤርትራውያን ዓድታት ከመይ ይመስል? ኩነታት ሃገረ-ኤርትራ ከመይ ይመስል? ንዝብሉ ሕቶታት መልስታት ንምርካብ፡ ሕጂ ኩነታት ኤርትራዊት ቤተ-ሰብ ከመይ ይመስል ኣሎ ኢልካ ምፍታሽ ኣኻሊ ኢዩ። ኣብ ኤርትራ፡ ኣቦን ኣደን ምስ ደቆም (ይብዝሑ ይውሓዱ) ብሓደ ኣብ ሓደ ገዛ እንዳነበሩ ሂወቶም ዘማሓድሩ ኩነታት ካብዝጠፍእ ዓሰርተታት ዓመታት የሕሊፉ ኣሎ። እታ ቤተ-ሰብ ትባሃል ፋሕ ኢላ ተበቲና፡ ኣሕዋትን ኣሓትን ምስ ኣቦን ኣደን ብሓደ እንዳነበሩ ኩሉ ናይ ሂወት ጸጋታት ሓቢሮም እንዳተኻፈሉ ተኾስኹሶም ዝዓብይሉ ባይታ ማህሚኑ ካብዝጠፍእ ዓመታት ኣቑጺሩ ኣሎ። ብምስምስ ከረምታዊ ማእቶት፡ ቆልዓ ካብ ሕቛፊ ስድርኡ መንጢልካ ካብ ምውሳድ ጀሚሩ፡ ክሳብ ብምስምስ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ መናእሰይ ኣብ መወዳእታ ዘይብሉ ዕስክርና ምብላይ፡ ብዝፈጠሮ ጽቕጢ፡ ኣብ ኩሉ ዕድመ ከባቢ ዘሎ ኤርትራዊ ብሓፈሻ፡ መናእሰይ ኤርትራውያን ካኣ ብፍላይ፡ ናብ ቀጻሊ ዋሕዚ ስደት ስለዝተቐሰቡ፡ ኤርትራዊት ቤተ-ሰብ “ንቡር” ዝባሃል ተሓሪምዋ፡ ናይ ምብትታንን ምጽናትን ግዳይ ኮይና ጸኒሓን ኣላን። ኤራትራዊት ቤተ-ሰብ፡ ናይቶም ብሰንኪ ኣብ ጊዜ ጉዕዞ ስደት ዘጋጥሙ ማእለያ ዘይብሎም ዓመጻት፣ በደላት፣ ኣካላውን ስነ-ኣእምራውን ስንክልናታትን ሞትን ዝወርዱ ሓደጋታት ጥራሕ ዘይኮነስ፡ እንተላይ ናይቶም ብሰንኪ ምብትታን ኣባላታ ኣብ ምሉእ ዓለም፡ ዝስዕቡ ቤተ-ሰባዊ ምፍልላያት፡ ግዳይ ኮይና ንሓደጋ ተሳጢሓ ትርከብ ኣላ።

ከም ሳዕቤን ቀጻሊ ስደት መንእሰያት፡ ኣብ ኤርትራ ናይ ዕድመ ሃጓፋት ተፈጢሩ ኣሎ። እቲ ኣፋራይን መጻኢ ወለዶ ዝትክእን መንእሰይ ተጓሒጉሑ ናብ ስደት ስለዘምረሐ፡ ዓድታት ኤርትራ ስሕየንን ጠውሊገንን፡ ኣብ ናይ ህጹጽ ኩነታት በጺሐን ኣለው። ከምዝፍለጥ፡ ሓንቲ ዓዲ ሂወትን ጥዕናን ኣለዋ ትባሃል፡ ካብ ገና ኣብ ማህጸን ኣዲኡ ዘሎ ዕሸል ጀሚርካ ክሳብ እቲ ዝዓበየ ናይ ዕድመ ባዓል/ቲ ጸጋ ዝኾነ/ት ኣቦ ወይ ኣደ ዝሓዘትን ንቡር ናይ ማሕበረ-ሰባዊ ሂወት ምንቅስቓሳት ዝራኣየላ ምስትኸውንን ኢዩ። እዚ ግን ኣብ መዛሕትኣን ኤርትራውያን ዓድታት የለን። ንኣብነት፡ ሰብ መይቱ፡ ጉዳጓድ ኩዒቱ ዝቐበር ዓቅሚ ሰብ ዘይብለን ዓድታት ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ እንዳወሰኻ (ቁጽረን እንዳበርከት) ክኸይድ ጸኒሑን ኣሎን። እቲ ንቡር ማዓልታዊ ቁጠባዊ፣ ማሕበራዊ፣ ባህላውን መንፈሳውን ንጥፈታት ከካይዳ ዘይክእላ ዓድታት ብዙሓት ኢየን። እዚ ኩሉ ካኣ፡ ብመደብን ብፍላጥን ደይ መደይ ተባሂሉ በቲ ስርዓት ዝተፈጠረ ኢዩ። ግን ከ፡ ስለምንታይ? ህዝቢ ኤርትራ ንምንታይ ንከምዚ ዓይነት ብርሰት ተፈሪዱ? እዚ ድዩ መስኡ? ከመይ ተገይሩ ኢዩ ሞሳ ህዝቢ ኤርትራ ተረሲዑ? “ንባዓል ጸባ ዶ ትኸልኦ ኢኻ ማጨባ?”

ኩላህና ከምንፈልጦን ታሪኽ ከምዘሰነዶን፡ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ገጠር ይኹን ኣብ ከተማ ዝነብር ዝነበረ፡ ኣብቲ ንናጽነት ዝተገብረ ነዊሕን ጽንኩሩን ተጋድሎ፡ ዝተጻወቶ ተራ እኮ መዋዳድርቲ ኣይርከቦን ኢዩ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን። ቑልዒ ሓዊ ገድሊ ከይጠፍእ ደጒሉ ዘሕደረ፣ ሰውራ

ዘዕቖበ፣ ተጋዳላይ ዘዐንገለ፣ ምስጢር ሰውራ ዝዓቀበ፣ ሂወት ደቁን ሂወቱን ንሰውራ ዝለገሰ፣ ንጸላኢ ብዘይዕጥቂ፡ ብጥበብን ብልቦናን ዝመከተን ዝሳዓረን፣ ኮታ ብሓፈሽኡ፡ ንሰውራ ኣብ ማእገሩ ሓንጊሩ ናጽነት ኤርትራ ክውን ዝገበረ፡ ሓፋሽ ህዝቢ ኢዩ። ኣብዚ ጽንኩሩን ነዊሕን ጉዕዞ ሰውራ እዚ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኩሉ-መዳያዊ ከቢድ ዋጋ ኢዩ ከፊሉ። መንእሰይ ኤርትራ፡ ካብ ጻት ንጻት፡ ዝሽምገሉ/ዝዓበዩ ወለዱ ጠዋሪ ዘይብሎም ራሕሪሑ፣ ወላዲ፡ ትሕቲ-ዕድመ ደቁ ኣለይቲ ዘይብሎም ገዲፉ፣ ተማሃራይ ትምህርቱ ገዲፉ፣ ኳሳ መጋስኡ ጠንጢኑ፣ ሸቃላይ ስርሑ ሓዲጉ፡ ናጽነት ኤርትራ ክውን ንምግባር ናብ ሰውራ ብቐጻሊ ን30 ዓመታት ወፊሩ። ብዓሰርተታት ኣሻሓት ዝቑጸሩ ኤርትራውያን ሂወቶም በጃ ናጽነት ከፊሎም፣ ብዓሰርተታት ኣሻሓት ዝቑጸሩ ሰንኪሎም፣ ካልኦት ብዓሰርተታት ኣሻሓት ዝቑጸሩ'ውን ተመቕሒሎም። ኤርትራዊ ንብረት በሪሱ (ዓድታት ነዲዱን ባዲሙን፣ ከተማታት ዓንዩን፣ ትሕተ-ቅርጽታት ፈሪሱን ዓንዩን፣ ጥሪትን ኣግራብን ኤርትራ በሪሱ)። ስለዚ፡ ናጽነት ኤርትራ፡ እዚ ኹሉ ኩቡር ዋጋ ዝተኸፍሎ ናይ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ዓወት ኢዩ ። ስለዝኾነ ኢዩ ካኣ፡ ናጽነት ኤርትራ ኣብ 1991 ብግብሪ፡ ኣብ 1993 ካኣ ብሕጊ ምስተረጋገጸ፡ ህዝቢ ኤርትራ ናይቲ ኩሉ ዝኸፈሎ መስዋእቲ፡ ደበስ ዝድበሰሉ መድረኽ/መዋእል ተፈጢሩ ኣሎ ዝብል ተስፋ ዝነበሮ።

ድሕሪ እዚ ኩል ግን፡ ናጽነት ኤርትራ ጋና ኣብ ዕሸሉ ከሎ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ደበስ ዝድብስ ዘይኮነስ፡ ደግሲ ዝደግስ ጥጅእ ኢዩ ተጠጂኡ። ከመይሲ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጢ እቲ ኣብ ማእገሩ ሓንጊሩ ናብ ዓወት ዘብጸሖ ሰውራ ተውሽጦም ብዝመጹ መራሕቲ ተጠሊሙ፡ ንዳግማይ ዕንወትን ብርሰትን ዝለዝተዳረገ። ከምቲ ልዕል ክብል ዝተገለጸ፡ ብሰንኪ ከምዚ ዓይነት ጥልመት፡ እታ ንተኸታተልቲ ናይ መግዛእቲ ሓይልታት ብቐጻሊ ዝመከተትን፡ ንዝጸንከረን ንዝተናወሐን ሰውራ ዝተጻወረትን ኤርራዊት ቤተ-ሰብ፡ ሕጂ ናይ ምብራስን ናይ ምጥፋእን ሓደጋ ኣጋጢምዋ ይርከብ ኣሎ። እዚ ስለዝኾነን ከምኡ ምኺኑን ስለዝተገንዘቡን ስለዝተረድኡን ኢዮም ሕጂ ኢትዮጵያውያን፡ ኤርትራዊ መንነት ንሓሳብን ንሓዋሩን ንምጥፋእ፡ ታዓጢቕና ንበገስ ዝብሉ ዘለው። ንኣብነት፡ እስከ ነዚ ዝሰዕብ ቃለ-ምልልስ [ንስማዕ](#)። ሓደ ካብቲ ንኤርትራዊ ዓቕሚ ዘዳኸመ ረቓሒ ኢዩ ኢሎም ኣብቲ ቃለ-ምልልስ ዝጠቐስዎ፡ "ፕረሲደንት ኢሳያስ ንዝሓለፉ ዳርጋ 30 ዓመታት፡ ኤርትራውያን ንኸይማሃሩ፣ ንኸይሰርሑ፣ ወ.ዘ.ተ. ዓፊኖም ብማሓዝ፡ ኤርትራዊ ዓቕሚ ንኽዳኸም ዝገብሮም ጻዕሪ፡ ሞሳን ምስጋናን ይግበኦም ኢዩ" ብምባል ገሊጸሞ። ኣማም ብኣማን ሓቆም፡ ኢሳያስ፡ ኣብ ዝሓለፉ ናይ ናጽነት ዓመታት ብሓፈሻ፡ ድሕሪ 1997 ካኣ ብፍላይ፡ ኣብ ኤትርራዊት ቤተ-ሰብ/ስድራ ውግእ ብምእዋጅ፡ ዓቕሚ ኤርራን ህዝባን ዝድህኹ ናይ ጥልመት መደባትን ሽርሕታትን ኢዩ ከካይድ ጸኒሑን ዘሎን። እቶም ጥልመታት እንታይ ከምዝመስሉን ብኸምይ ከተግብሮም ከምዝጸንሐን ዘሎን፡ ህዝቢ ኤርትራ መታን ክግንዘቦምን ከስተባህለሎምን፡ ኣብዚ ናይ 2020 ሓዱሽ ዓመት መልእኽቲ በዚ ዝሰዕብ መልክዕ ምዝካርም ሓጋዚ ኢዩ እብል።

*ቀዳማይ ጥልመት፡ እቲ ቀዳይ ጥልመት፡ ኢሳያስ ንህዝብ ኤርትራ ብዘይ ህንጻ ሕጊ (ቅዋም) መታን ከገዝኦ ቅዋን ንኸይትግበር ኣብ 1997 ዝወሰዶ ስጉምቲ ኢዩ።* ከምቲ *"ማሕለኻ ዘይብሉ ጻባ ድፉእ፡ ዳኛ ዘይብሉ ነገር ጥፉእ"* ዝባሃል፡ ንህዝብን ንመንግስትን ዝዳኒ *"ህንጻ ሕጊ (Constitution)"* ዘይብላ ሃገር ህዝባ ባዳማይ ኢዩ። ከምንቡርን ከምቲ ኣብ ኩሉን ብኸምዚ ናይ ኤርትራ ኣገባብ ናጽነተን ዝረኸባ ሃገራት ዝተገብረን፡ ድሕሪ ምሕራር ኤርትራ፡ ክኸውን ዝነበሮ ቀዳማይ ስራሕ ፖለቲካዊ መራሕቲ ኤርትራ፡ ንኹሉ ኣካላት ህዝቢ ኣኪቦም ብዛዕባ ህንጸት ሃገርን ቅዋም ሃገርን ምዝርራብን ምክታዕን እዩ ነይሩ። ኣብ ክንድዚ ግን፣ ብመሪሕነት ኢሳያስ ዝመሓደር ናይ ድሕሪ 1997 ህግደፍ፡ ትኽክለኛ መስርሕ ኣሰራርሓ ቅዋምን ህንጸት ሃገርን ገዲፉ ብዝዓበየ ኣብ ምግባት ፖሊቲካውን ቁጠባውን ሓይሊ ዘተኮረ፡ ኣብ ፖለቲካዊ በለጽ ኢዩ ተጸሚዱ ተሪፉ። ከምሳዕቤኑ፡ ድሕረ-ናጽነት ኤርትራ ንነዊሕ ዝጠመተ ቁጠባዊ ዕብየት ይኹን ቀጻሊ ምዕባለ ወይ'ውን ዝኾነ ንሓፋሽ ዘተኮረ ነገር ዘድህብ ራኢን ቆራጽነትን ዘይብሉ፡ ኣዝዩ ውልቀ መላኺ ብዝኾነ ስርዓት ክትምራሕ ጸኒሓ ኣላ። ንኣብንት፡ ኩላትና ከም እንዝክሮ፡ ኢሰያስ ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት 2015 ኣብ ዝገበሮ ቃለ መጠይቕ፡ እቲ ናይ 1997 ቅዋም ቅድሚ ምእዋጁ ዝሞተ እዩ ክብል ገሊጽዎ ነይሩ። እዚ ማለት ካኣ፡ ኢሳያስን ስርዓቱን ህዝቢ ኤርትራ ቅዋማዊ መንግስቲ ናይ ምህላው፣ ናይ ልዕልና ሕጊ፣ ማሕበራውን ቁጠባውን ብልጽግና ናይ ምህላው መሰል፡ ተኸልኪሎም ክነብሩ ከምዝፈረድዎም ኢዩ ዘርኢ። ኣብዛ ናይ ሎሚ ኤርትራ፡ ናይ መንግስቲ ባህሪ ከምዚ ክትከውን ኣለዋ ብምባል ገደብ ክገብር ዝኽእል ቅዋማዊ ዓንቀጻት የለን። ስለዝኾነ ካኣ፡ ንልዕሊ ክልተ ዓሰርተ ዓመታት፡ ኢሳያስ ኣብ ልዕሊ ሕሉፍ ገባትን መዝማዝን ፖለቲካውን ቁጠባውን ትካላት ቸይ ቸይ ብምባል ንኤርትራ ከም ናይ ውልቂ ዋኒኑ ገይሩ ከማሓድራ ጸኒሑን ኣሎን። ከም ሳዕቤኑ፡ *እቲ ፍትሒ ዝሳኣነ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ፡ ዓዱ ገዲፉ ናብ ስደት ብቀጻሊ ብብዝሒ ክውሕዝ፡ ኤርትራ ካኣ ክትባድም ጽኒሓን ኣላን።*

*ካላኣይ ጥልመት፡ እቲ ካላኣይ ጥልመት፡ ኢሳያስ ዝተፋላልዩ ምስምሳት ብምፍጣር፡ ንህዝቢ ኤርትራ ጅሆ ንማሓዝ ዝወሰዶም ኣታለልቲ ስግምትታት ኢዩ።* እቲ ስርዓት መዝማዚ ተግባራቱ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግብሪ ንምውዓል፡ ናይ ወጻኢ ዕብለላ፣ ወራር፣ ወይ ድማ ብናይ ወጻኢ ሓይሊ፡ ብፍላይ ድማ ብኢትዮጵያ (ውግእ ዶብ ከም ኣብነት ክጥቀስ ይካኣል)፡ ጎበጣ ክግበር እዩ ብዝብሉ ምስምሳት፡ ንህዝቢ ኤርትራ ጅሆ ብምሓዝ፡ ካብ ዝወሰዶም መርዛማት ስጉምትታት፡ ካብ ቡዛሓት ነዞ ዝሰዕቡ ምጥቃስ ይካኣል፡-

- ነቲ ድሕሪ ብናይ ሰለስተ ዓመታት መስርሕ ተዳልዩ ጸዲቑ ንትግባረ ዝጽበ ዝነበረ ሃገራዊ ቅዋም ከይትግበርን፡ ህዝቢ ካኣ ወከልቱ ብምምራጽ ህዝባውን ቅዋማውን መንግስቲ ብምትካል ጉዳዩ ከይገብር ዓንቂጹ ብማሓዝ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብኹቱር ብኹረት ፍትሕን ልዕልና-ሕግን ንዓሰርተታት ዓመታት ንኽሳቐ ኢሳያስን ስርዓቱን ክገብሩ ጸኒሖምን ኣለዉን። እቲ ፍትሒ ዝሳኣነ ህዝቢ ኤርትራ፡ ዓዱን ሃገሩን ራሕሪሑ ናብ ስደት ብቐጻሊ ብብዝሒ ክውሕዝ ጸኒሑን ኣሎን። ከምሳዕቤኑ፡ ሕጂ ኤርትራውያን ዓድታት ብዓብዪ ናህሪ ሰበን እንዳሳኣና፡ ካብ ምስሓው ናብ ምብዳም ገጸን የምራሓ ኣለዋ።
- ነቶም ፍትሒ ይገበር፣ ልዕልና-ሕጊ ይንገስ፣ ህዝባውን ቅዋማውን መንግስቲ ይተኸልን ፖሊቲካዊ ምስግጋር ክግበር ኣለዎን ብምባል ንፖሊቲካዊ ለውጢ ዝጠለቡ ኣካላት መንግስቲን (ከም ባዓል G-15 ዝኣመሰሉ) ካለኦት ሲቪላውያን ዜጋታትን ብዘይ ፍርዲ ብጅምላ ብምሕያርን ብምስዋርን ድምጾም ከምዝዕፈን ኢሳያስ ገይሩ። ሕጂ፡ ዓሰርተታት ዓመታት ሓሊፉ፡ ኣበይ ከምዘለዉን ብሂወቶም ኣለዉ ድዮም የለዉን ምንም ዝፍለጥ ነገር የልቦን። ብዛዕባ ሃለዋቶም ምሕታት ንባዕሉ ከም ገበን ዝቑጸረሉ ኩነታት ብምፍጣር፡ ኢሳያስ ናይ ራዕድን ሽበራን መንፈስ ኣብ ሃገር ብምስፋን፡ ህዝቢ ብፍርሒ ተጸቒሪሩ ርእሱ ደፊኡ ከምዝነብር ቀሲብዎ ኣሎ። ህዝቢ ቅዋም ይተግበር፣ ናይ ፖሊቲካ እሱራት ይፈትሑ፣ ህዝባዊ መንግስቲ ይተኸልን ልዕልና-ሕጊ ይንገስን ኢሉ ነቲ ንሳቶም ዝጀመርዎ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ መታን ከይቅጽሎን ኣብ ዓወት ከይብጽሑን፡ ንጉዳዮም፡ ብሓሶት ምስ ሃገራዊ ድሕነት ብምትእስሳር፡ ስርዓት ኢሳያስ *"ሃገር ምድሓን ኢዩ ቀዳምነት"* ዝብል ናይ ምድንጋርን ምትላልን ሜላታት ብምጥቃም፡ ንህዝቢ ኤርትራ ጅሆ ሒጅዎ ኢዩ ጸኒሑ። ይትረፍዶ ፖሊቲካውን ሕጋውን ሕቶታት ከትልዕል፡ ዋላ'ውን *"ማይ የለን፣ ባኒ የለን፣ ወ.ዘ.ተ."* ዝብሉ ምስ መሰረታዊ ማዓልታዊ ሂወት ዝተኣሳሰሩ ሕቶታት ምልዓል፡ ከም "ጸረ ሃገርን ሃገር ምኽዳዕን" ተገይሮም ስለዝራኣዩ፡ ህዝቢ ዋላ ብዛዕባ ኣብ ማዓልታዊ ሂወቱ ዝገጥምዎ ሽግራት ንኸይዛረብ ተዓፊኑ ኢዩ ጸኒሑ። ሕጂ፡ ካብ ሓምለ 2018 ዓ/ም፡ እቶም ብሽም ሓገራዊ-ድሕነት ዝማሳመሱ ዝነበሩ ምስምሳ፡ ሓሶትን ንሕዝቢ ኤርትራ ጅሆ ንምትሓዝ ዝተኣለሙ ሽርሕታት ምንባሮም ህዝቢ ኤርትራ ተገንዚብዎ ኣሎ።
- ኢሳያስ፡ ምስ ኢትዮጵያ ናይ ዶብ ጸገማት ኣለና ብዝብል ምስምስ፡ ነቲ ን18 ኣዋርሕ ጥራሕ መናእሰይ ሃገራዊ ኣገልግሎት ክህቡ ተባሂሉ ዝተጀመረ መደብ፡ ናብ ገደብ ዘይብሉ ግዱድ ዕስክርና ምብልዋጥ፡ ንመንእሰይ ኤርትራ ንዓሰርተታት ዓመታት ኣብ ድፋዓት ከምዝበሊ ክገብር ጸኒሑን

ኣሎን። ከምሳዕቤኑ፡ መንእሰይ ኤርትራ፡ ኣይ ካብ ትምህርቲ፣ ኣይ ካብ ስራሕ፣ ኣይ ካብ ናብራ፡ ንቡር ሂወት ተሓሪምዎ ንመዳርግቲ ዘይርከቦ ማሕበረ-ቁጥባዊ ምጉስቛላት ከምዝሳጣሕ ኮይኑ። እቲ ዝኸፍአ ካኣ፡ እታ ዝፈትዋ ሃገሩ ከም ሲኦል ተባላዒት ስለኾነቶ፡ ዓቕሉ ምስጸበቦ፡ ዘይስገሩ ምድረበዳታት ብቖራጽን ዓሞቑቲ ባሕርታት ብምስጋርን፡ መንእሰይ ኤርትራ ብቐጻሊ ብብዝሒ ናብ ስደት ክውሕዝ ምጅንሑን ምህላዉን ኢዩ። ኩሉ ህዝቢ ከምዝፈልጦ ካኣ፡ ብዙሓት ኣብ መድረበዳ ሳሃራ ሑጻ ተቐቢሮም ተሪፎም፣ ብዙሓት ኣብ ማእከላይ ባሕሪን ኣብ ካለኦት ቀላያትን ቀልብ ዓሳታት ኮይኖም፣ ብዙሓት ኣብ ኢድ ነጋዶ ደቂ-ሰባት ወዲቖምን፡ ብሂወቶም ከለዉ ውሽጣዊ ኣካላቶም ተመንዚዑን፣ ብዙሓት ካኣ ኣብ ፈቐዶ ሃገራት ዝርኸቡ ማዓስከር ስደተኛታት፡ ንዓመታት ክጽበዩ ዕድሚኦም ብላሽ ከሕልፉ ጸኒሆምን ኣለዉን። ካብቶም ነዚ ኩሉ ጸገማት ተሳጊሮም ኣብ ምዕራብ ሃገራት በጺሖም ዝባሃሉ'ውን እንተኾነ፡ብዙሓት ብሰንኪ እቲ ኣብ ጉዕዞ ሰደት ዘጋጠሞም ኢሰብኣዊ ማህሰይትታት ብዝጠረሎም ስነ-ኣእምራዊ ነውጽታት፡ ኣብ ከቢድ ማሕበረ-ሰብኣዊ ጸገማት ወዲቖም ኢዮም ጸኒሖምን ዘለዉን። ካለኦት ብዙሓት'ውን፡ ኣይ ካብ ትምህርቲ፣ ኣይ ካብ ስራሕ፣ ኣይ ካብ ናብራ ሓዲግ ኮይኖም ዕድሚኦም ኣብ ስደት ንብላሽ የሕልፍዎ ኣለዉ። ይኹን'ምበር፡ እቲ ኢሳያስ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኩነታት ካብዞም ዝተጠቐሱ ሽግራት ዝገደድን ብጣዕሚ ሕምቕ ስለዝኾነን፡ እቲ ስደት ኤርትራውያን ብናህሪ ክቕጽል ጸኒሑን ኣሎን። ሕጽር ብዝበለ ኣገላልጻ፡ ብሰንኪ ቀጻሊ ስደት ኤርትራዊ መንእሰይ፡ ኤርትራ ትባድም ኣላ፤ ዓድታት ኤርትራ ህዝበን ንስደት ጊዒዙ፡ ጥርሐን ይተርፋ ኣለው፤ እታ መሰረት ቅርጽን ሂወትን ሕብረተ-ሰብ ዝኾነት ኤርትራዊት ቤተ-ሰብ (ስድራ) ካኣ ተበታቲና ትፈርስ ኣላ። ቤተ-ሰብ እንተዘየላ፡ ዓዲ የለን፤ ዓድታት እንተዘየለዋ ካኣ ሃገር የላን ማለት ኢዩ። ኤርትራ ከም ሃገርን ከም ህዝብን፡ ማዓልቲ ማዓልቲ ትመወት ኢያ ዘላ። እቱይ ምንታይሲ፡ እቲ ሃገር ዝሃንጽ፣ ዝከላኸልን ተተካኢ ወለዶ ዝፈርን መንእሰይ ኤርትራ ካብ ሃገር ተጓሕጒሑ ስለዝወጽን ይወጽእ ስለዘሎን። *ናይዚ ኩሉ ጠንቂ ካኣ፡ ኢሳያስን ስርዓቱን ስለዝኾኑ፡ ናይ ኤርትራ መድሃኒት፡ ንኢሳያስን ስርዓቱን ካብ ስክልጣን ኣሊኻ፡ ብቅዋማውን ህዝባውን ስርዓት ምልዋጦም ኢዩ'ም፡ ሃየ ህዝበይ፡ ናይ 2020 ዓ/ም ዕማምካ ንሱ ይኹን። ይካኣል ኢዩ ካኣ።*

እዚ ኤርትራዊ ብብዝሒ ካብ ኤርትራ ንስደት ምምራሕን፡ ከምሳዕቤኑ ዝተፈጠረ ናይ ኤርትራ ምብዳም ክውንነትን፡ ዝፈጠሮ ኩነት ኣብ ባይታ ክርአ ጀሚሩ ኣሎ። ኤርትራ ብምስምስ ናይ ዶብ ውግእ ምስ ኢትዮጵያን ብድሕሪኡ ብዝቐጸለ ኣይ ሰላም ኣይ ውግእ ኩነታት፡ ብቐጻሊ ክትባድም ምስጸንሐት ኢዩ፡ *"ናይ ዶብ ጉዳይ ከይተፈትሐ (ዶብ ከይተሓንጸጸ) ምስ ኢትዮጵያ ሰላም ዝባሃል የለን"* ክባሃል ከምዘይተጸንሐ፡ ምንም ዓይነት ንዶብ ዝምልከት ጉዳይ ከይተገብረ (እቲ ዶ ምሕንጻጽሲ ይትረፍ፡ ዋላ ሰራዊት ኢትዮጵያ'ውን ካብ ሉዕላዊ መሬት ኤርትራ ከይወጸ ከሎ)፡ ከሎ ኢዩ፡ ኣብ ሓምለ 2018 ኢሳያስ ምስ ኢትዮጵያ ሰላም ገርና ኣለና ምባል ዝጀመረ። ምቸስ፡ እዚ ብግርህና ዝተገበረ ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ። ሕጂ መንእሰይ ኤርትራ ተጓሕጒሑ ካብ ሃገር ምስወጸ፡ ሰላም ምስ ኢትዮጵያ ገይርና ኢና እንዳተባህለ፡ ኢሳያስን ተላኣኣኽቱ ቁንጣሮ መራሕቲ ኤርትራን ኣብ ኢትዮጵያ ከይዶም ምስ መራሕቲ ኢትዮጵያን ህዝቢ ኢትዮጵያን ዝገርዎ ዘለዉ ቅጥዒ ዘጥፈአ *"ሕግብግብ"*፡ ትሓሲብሉን ብመደብን'ምበር፡ ባጋጣሚ ወይ'ውን ብግርህና ዝግበር ዘሎ ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ። ነቲ ወለዶታት መራሕቲ ኢትዮጵያ ክብልዎ ዝጸንሑን ዘለዉን፡ *"ኤርትራ፡ መሬታ'ምበር ህዝባ ኣይድልየናን ኢዩ"* ዝብል ባህግን ድሌትን ንምምላእ ዝዓለመ ካብ ምዃን ሓሊፉ ካልእ ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ። ነቶም ምስ ኢትዮጵያ ሰላም ገርና ኢና ካብዝባሃል ንዳሓር፡ መራሕቲ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ኢሳያስ ካኣ ብፍላይ ዝበሎን ዝገበሮን ብሓደ ወገን፡ መራሕቲ ኢትዮጵያ፡ ብፍላይ ካኣ ዶ/ር ኣብዪ ዝበሎን ዝገበሮን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኢትዮጵያ ተፈጥሩ ዘሎ፡ ኤርትራ ናይ ምጉባጥ ሓዱሽ መንፈስን ምንቅስቓሳትን በቲ ካልእ ወገን፡ እንተራኣና፡ ኩሉም ናብ ሓደ ዓላም ዘነጻጽሩ ኢዮም - ልዕላውነት ኤርትራ ምጥፋእ። ኢሳያስን ተላኣኣኽቱን፡ ሃገራዊ ክድዓታት ክፍጽሙ ጸኒሖን ኣለዉን። ዎ ህዝበይ፡ ኢሳያስ፡ ናዓካ ጠሊሙ፡ ኣብ ርእሲ ሃገርካ፡ ሃገረ-ኤርራ፡ ዝፈጸሞም ሃገራዊ ክድዓታት ውሕዳት ኣይኮኑን።

ሳልሳይ ጥልመት፡ ኢሳያስ ሃገራዊ ክድዓት ኣብ ርእሲ ሃገረ-ኤርራ ብተደጋጋሚ ፈጺሙ ኢዩ። ሕጂ ካብ ዓመትን ፈረቓን ንላዕሊ ዳርጋ ኮይኑ፡ ብዛዕባ እዞም ተገይሮም ኣለዉ እንዳተባህለ ካብ ወገን ኢትዮጵያ ዝናፈሱ ናይ ውዕላት ስምምዕ፡ ኢሳያስ ንህዝቢ ኤሪትራ ዝሓበሮ 'ዝኾነ ይኹን' ንጣር ወግዓዊ መግለጺ ጥራሽ የለን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ብኣንጻሩ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ነናሻብ እንዳተመላለሰ ንኽብርን ንሉዕላውነት ኤርትራ ኣዝዮም ዝድውኑ፡ ኣሕፈርትን ኣጸየፍትን ተግባራትን መደረታትን ክገብርን ክስምዕን ጸኒሑን ኣሎን። እስከ ካብቶም ኢሳያስ ዝበሎምን ዝገበሮም፡ ንገለ ካባቶም ንርአ፦

- ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣነ ዝተፈለኹ ህዝቢ ኢየ ኢሉ ንሰላሳ (30) ዓመታት ደማዊ ዕጥቃዊ ቃልስን፡ ንልዕሊ ሓሙሳ (50) ዓመታት ፖሊቲካዊ ቃልስን ብምኻያድ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ብሉጻት ደቁ ከፍሉ ሓርነቱን ሉዕላውነቱን ከምዘየረጋገጸ፡ ኢሳያስ *"ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ኢትዮጵያን ክልተ ህዝብታት ኢዮም ዝብል እንተሎ፡ ታሪኽ ዘይፈልጥ ኢዩ፤ ሓደ ህዝቢ ኢዮም"* ክብል ብድፍረት ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ኢትዮጵያን ዓለም ዳኣ መደረ። እዚ ካኣ ምስቲ ኢሳያስ፡ *"ናጽነት ኤርትራ ከምታ ዘምጻኽዋ፡ ከጥፋኣ ኢየ"* ኢሉ ዝደጋገሞ ዘርባ ኣሎ ዝባሃል፣ ምስቲ ኣብ ኣፋፈት ናጽነት (ኣብ የካቲት 1991)፡ *"ምስ ኢህወደግ ናይ ሓባር መንግስቲ ከነቖውም ተሰማሚዕና ኣለና"* ዝበሎ፣ ህዝባዊ ሰራዊት ደቀምሓረ ተቖጻጺሩ ናብ ኣስመራ እንዳገስገሰ ከሎ፡ ኣብ ሎንደን፡ ዓባይ ብርጣንያ ኮይኑ *"ኣስመራ ከይታኣትዉ"* ኢሉ ትእዛዝ ከምሓላለፍ ዝፈተኖ፣ ድሕሪ ናጽነት *"ክንየው ዶብ ኢና ንሓስብ"* እንድበለ ዝምድሮ ዝነበረ መደረታት፣ ኣብ ጊዜ ምስ ኢትዮጵያ ናይ ዶብ ውግእ፡ *"ንሰራዊት ኤርትራ ካብ ግንበር ዓሰብ ንኽስሕብ ዘመሓላለፎ ትእዛዝን"*፡ እቲ ኩሉ ሳዕ ንህዝቢ ኤርትራ ዘርእዮ ብደዐን ንዕቀትን፡ ዝተኣሳሰረን ናብ ሓደ ዓላማ ዝጠመተን ኢዩ ክባሃል ይካኣል። እቲ መንግስቲ ሃጸይ ሃይለስላሴን መንግስቲ መንግስቱ ሃይለማሪያምን ከዕውትዎ ዘይካኣሉ ሕልሚ ዓመጽቲ - *"ኤርትራ መሬታ'ምበር ህዝባ ኣይድልየናን ኢዩ"* - ንምትግባር ካብ ነዊሕ ዝተኣልመ ሰይጣዊ ስውር መደብ ምዃኑ፡ ሕጂ ንኩሉ ኤርትራዊ ብሩህ ኮይንሉ ኣሎ። እዚ ካኣ፡ዓይኑ ዘፍጠጠ ፡ሃገራዊ-ክድዓት" ኢዩ።
- ከምቲ ኣብ ላዕሊ ተገሊጹ ዘሎ፡ ብምስምስ ናይ ዶብ ውግእን ካብኡ ዝቀጸለ ኣይ ሰላም ኣይ ውግእ ኩነታትን፡ ኤርትራ ባዲማ (ህዝባ ተጓሕጒሑ ናብ ስደት ጊዒዙ፣ ፍጹም ማሕበረ-ቁጠባዊ ድቐትን ልምሰትን ኣጋጢምዋ፣ ትሕተ-ቅርጻ ፈጺሙ ዓንዩ፣ ኣብ ክንዲ ፍትሒ ዓመጽን ራዕድን፡ ኣብ ክንዲ ሓቂ ቅጥፈት፡ ኣብ ክንዲ ምዕባለን ብልጽግናን ዕንወት፡ ብሓፈሽኡ ኩሉ-መድዳያዊ ጥፍሽና ሰፊኑ) እንዳሃለወት፡ ኢሳያስ *"ኣብ ዝሓለፈ 25 ዓመታት ዋላ ሓንቲ ኣይከሰርና"* ክብል መዲሩ። እሞ ዳኣ፡ እቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ክውንነት፡ ሰንጣቃዊ-ኣንጻር ናይዚ እንዳሃለወ ከሎ፡ ኢሳያስ እንታይ ክብል ስለዝደለየ ኢዩን፡ ንመን ኢዩ ኸ ከምኡ ዝብሎ ዘሎን? እቲ መልእኽቲ፡ ናብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝቐንዐን፡ ኤርትራ ኣብዘን ዝሓለፋ 25 ዓመታት ተጋሕጒሓ ጥራሓ ዳርጋ ተሪፋ፡ ነብሳ ክትኸላኸል ኣብዘይትኽእለሉ ደረጃ በጺሓ ኢያ'ሞ *"ሃየ ተላይ"* ዝብል መልእኽቲ ዝሓዘ ምዃኑ ዘጣራጥር ኣይኮነን። ኢትዮጵያውያን'ውን ንመልኽቱ ዝተረድእዎ ይመስሉ ([እስከ ነዚ ንስማዕ])። ብተውሳኺ፡ ኢሳያስ ናይ ኢትዮጵያ ጉዳይ ዝያዳ ከምዘገድሶን፡ *"ንኢትዮጵያ ንምክልኻል፡ ሂወተይ ክህብ ኢየ"* ኢሉ ክምድር'ውን ሰሚዕና ኢና። ንናጽነት ኤርትራ ዘይተቐበሉ ሓይልታት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ኣኪቡ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብናይ ማሕበረ-ቁጠባዊ ሽግራት ሓልንጊ እንዳተገርፈ ከሎ፡ ብኤርትራዊ ገንዘብን ንብረትን ንዓሰርተታት ዓመታት ከዕጥቖም፣ ክቐልቦምን ከሰውዶምን ምስጸንሐ፡ ሕጂ ናብ ኢትዮጵያ ከምዝምለሱ ገይሩ፡ *"ዓሰብ ናህና ኢዩ፣ ቀይሕ ባሕሪ ናትና ኢዩ"* እንዳበሉ፡ ኤርትራ ዝሓወሰ ናይ ኢትዮጵያ ካርታ ሒዞም ኣብ ጎደናታት ከተማታት ኢትዮጵያ ክጭድሩን፡ ኣብ ፈቐዶ ማሕበራዊ መድያ ክልጥፉን ክምድሩን ይውዕሉ ኣለዉ። ኢሳያስ ዝዘርኦ ይሓፍስ፡ ህዝቢ ኤርትራ ካኣ *"ወድ ዓሽ ክልተ ጊዜ ይህረም"* ከምዝባሃል ኮይንዎ ይርከብ። ከምዚ'ቶም ዝኣመሰሉ ተግባራት ኢሳያስ፡ ኣንወርቲ ጥራሕ ዘይኮኑስ፡ ክድዓት ኣብ ርእሲ ሃገረ-ኤርትራ ኢዮም'ውን።

- ብናይ ህዝቢ ወለንታ ዝተዋህቦ ስልጣን ዘለዎ ክመስል (ናይ ዘይሕጋውን ዘይህዝባውን ስርዓት ዲክታተራዊ መራሒ ምዃኑ ረሲዑ)፡ *"ካብ ሕጂ ንዳሓር ንስኻ (ዶ/ር ኣብዪ) ኢኻ መራሒና፣ ስላጣነይ ሂበካ ኣለኹ፣ ብስሚዒት ዘይኮነስ፡ ናይ ባሓቂ ብልበይ ኢየ፡ ስላጣነይ ሂበካ ኣለኹ"* ኢሉ ብምድግጋም፡ ኢሳያስ ፕረሲደንታዊ ስላጣን ሉዕላዊት ኤርትራ፡ ንቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ከረኽቦ ዝገበሮ ፈተነ፡ *"ሃገራዊ ክድዓት"* ከምፍጻም ኢዩ ዝቑጸር። እስከ ብጽሞና ንፈትሾ። ሓደ ሉዕላዊት ሃገር ዝመርሕ ሰብ ዶ ንኻልእ ሉዕላዊት ሃገር ዝመርሕ ሰብ ስልጣኑ የረክቦ ኢዩ? ሉዕላውነት ናይ ሓደ ሃገር ምርካብ ማለት ኢዩ እኮ። ኢሳያስስ ገበሮ ዳኣ። ማኣስ ብኡ ተወዲኡ ግን። ኢሳያስ፡ ኣብ ከተማ ጎንደር (ኢትዮጵያ) ከይዱ መቓብር ኣብ ሓጕኡ ምስበጽሐ፡ *"ኣነ ክንደይ ተሪፉኒ ኮይኑ፡ ኣሪገ ኢዩ። ንኤርትራ ንዓካ ገዲፈላ ይኸይድ ስለዘለኹ ግን ቀሲነ ኣለኹ"* ክብል ንናይ ኢትዮጵያ ቀዳምይ ሚኒስተር፡ ዶ/ር ኣብዪ ኣብ ቅድሚ ብኣሻሓት ዝቑጸር ዝተኣከበ ህዝቢ ኣምሓራ ሓቢርዎ ኢዩ'ውን እኮ። እዚ ማለት ካኣ፡ መጻኢት ኤርትራ (ሕጂ ኣብ ቀረባ ጊዜ ወይ'ውን ኢሳያስ ምስሓለፈ) ኣብ ትሕቲ ናይ ኢትዮጵያ ቀዳማይ ሚኒስተር ዘማሓድሮ መንግስቲ (መንግስቲ ኢትዮጵያ ማለት ኢዩ) ኢያ ክትማሓደር ማለት ኢዩ። እዚ ሕጂ ኣብ ኢትዮጵያ ዝረኣ ዘሎ ንኤርትራ ዳግማይ ናይ ምጉባጥ ስሚዕታትን ኣብ ባይታ ዝግበሩ ነዚ ዝዓለሙ ምንቅስቓሳታት እንተራኣና'ውን፡ እዚ ከምዚ ዓይነት ኣባሃህላታት ኣብ ባይታ ድርኺትን ስምብራትን ይገድፍ ከምዘሎ ኢና ንግንዘብ። እስከ ነዚ [ዝስዕብ] ናይ ብደዐ ቃለ-ምልልስ ደጊምና ንስማዓዮ።
- እቲ ሓንቲ ማዓልቲ እውን ትኹን ገጹ ብምብራህ ይኹን ብፍሽኽታ ንህዝቢ ኤርትራ ተዛሪቡ/መዲሩ ዘይፈልጥ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ብኣንጻሩ፡ ብብደዐ ዘረብኡ ዝፍለጥ ኢሳያስ፡ እንታይ ስለዝተረኽበ ኢዩ ዳኣ፡ ኣብ ኢትዮጵያ እንዳከደ፡ ካብ ውሽጢ ልቡ ገንፊሉ ዝወጸ ብዝመስል፡ ልቡ ብኢዱ እንዳጠጠበን ብኢዱን ብከናፉሩን ናይ ምስዓም ምልክታት እንዳኣርኣየን፡ ኲቱር ፍሽኽታን ፈገግታን ብዝመልአ ኣገባብ ኣብ ቅድሚ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ኢትዮጵያውን ብተደጋጋሚ ክሰራሰር ዝረአ ዘሎ? "ንኣዳም ገረሞ ዘብል ኢዩ" ብምባል ዝሓልፍ ኣይኮነን። እቲ ጽቡቑ፡ ኢሳያስ ንስሚዒቱ ምቑጻጸር ሲኢኑ፡ ካብ ማዓሙቕ ልቡ ገንፊሉ ስሚዒቱ እንዳወጸ ስለዘርኢ፡ እቲ ህሞት ንሓቀኛ ስሚዒት ኢሳያስ ዘንጸባርቕን ንኢትዮጵያውን ዘለዎ ሓቀኛ ፍቕሪ ዝገልጽን ምዃኑ ኢዩ። እቲ ክምለስ ዘለዎ ሕቶ ግን፡ *"ስለምታይ ኢዩ ኢሳያስ ነቲ ኣብ ማእገሩ ሓንጊሩ ኣስመራ ዘእተዎ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ብዓብዪ ክብርን ሓልዮትን ዘዕበዮን ክሳብ ሕጂ ብጥምዩ ጠምየ ከይበለ፣ ብዕርቑ ዓሪቑ ከይበለ፣ ብስእኑ ሲእነ ከይበለ፣ ደቁን ሂወቱን እንዳገበረ ተተይ ንዘበሎ ህዝቢ ኤርትራ ኲቱር ጽልእን ንዕቐትን፡ ብኣንጻሩ ካኣ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ኲቱር ፍቕርን ሓልዮትን ዘለዎ ዝብል ኢዩ"*። እዚ፡ ህዝቢ እርትራ ብዕቱብ ክምልሶ ዘለዎ ሕቶ ኢዩ። ብውሕዱ እዚ ዘመልክቶ ሓቂ፡ ኢሳያስ ኣብ ውሽጡ "ንነብሱ ከም ኢትዮጵያዊ ገይሩ ዝፈልጣን/ዝስመዖን፡ ካብ ጊሓቱ'ውን እንተኾነ፡ 'ኢትዮጵያዊ' ተልእኾ ሕጁ በረካ ከምዝወፈረ ኢዩ። ብጊደ ሓቂ ካኣ፡ ካብቲ ሕጂ ኣብ ባይታ ዝኸይድ ዘሎ ኩነታት ተበጊስካ፡ ምስቲ ኩሉ ካብ ነዊሕ ጊዜ ኣትሒዙ ብዛዕብኡ ዝባሃል ሓቅታት ኣብ ግምት ምስ ተእቱ፡ ከምኡ ምዃኑ ምንም ዘጠራጥር ከምዘይብሉ ኢካ ትግንዘብ። እቲ ኩነታት፡ ስለምንታይ ክሳብ ሕጂ ከይፈለጥናዮ ጸኒሕና ዘብል እኳ እንተኾነ፡ *"ምስ ሳሓትካ ምኸሪ ይርከብ፡ ምስ መልቖካ እግሪ ይእከብ"* ከምዝባሃል፡ ሕጂ፡ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ዝሓለፈ ተማሂሩ፡ ዋዓል-ሕደር ዘየብል ሉዕላውነት ኤርትራ ናይ ምክልኻልን ምዕቃብን ዕዮ ገዛ ከምዘለዎ ተገንዚቡ፡ ከም ንህቢ ብሓባር ክሰርሕ ጥራሕ ኢዩ ዘለዎ።
- ኣብ መወዳእታ ወርሒ ታሕሳስ 2019 ዓ/ም፡ ኢሳያስ ኣብ ኤትዮጵያ ብምኻድ፡ "ንሰለስተ ወሎዶታት ብዘይ ምኽንያት ተራሓሒቕና ጸንሕና፡ --- " ክብል ተዛሪቡ። እንታይ ማለቱ ኢዩ ዳኣ ኢሉ ዝገርሞን ዝሓትትን ሰብ ኣይሳኣንን ይኸውን። እቱይ ምንታይሲ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ናጽነቱ ንምጭባጥን ሃገሩ ካብ ጎበጥቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ንኽምንዝዕ ኢዩ ዘይሕለል ፖለቲካውን ዕጥቃን ቃልስታት ንዓሰርተታት ዓመታት ዘካየደን፡ ኣብ መወዳእታ ካኣ ኣዝዩ ግዙፍ ዝኾነ ዋጋታት ከፊሉ ዝተዓወተን። እዚ ማለት ካኣ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንቁዱስ ምኽንያት ኢዩ ምስ ስርዓታትን ህዝብን(?) ኢትዮጵያ ዝተረሓሓቀ። ስለዝኾነ፡ ኢሳያስ "ብዘይ ምክንያት ኢና ተራሓሓቕና ጸኒሕና" ክብል ከሎ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሰውራ ኣካይዱ፡ ናጽነቱን ሃገሩን ክረክብ ኣይነበሮን ኢዩ ዝብል ዘሎ። እዚ ካኣ ሓዱሽ ነገር ኣይኮነን። ከምቲ ልዕል ኢሉ ዝተገለጸ፡ ካብ ንግሁኡ ኣትሒዙ፡ ኢሳያስ፡ ረብሓ ኢትዮጵያን ንርግጋጽ፡ ኣብቲ ዝላዓለ ጽፍሒ መሪሕነት ሰውራ ኤርትራ ዝተጸፈየ ናይ ኢትዮጵያ ኣገላግሊ ምንባሩ፡ ዘረጋግጽ ኣባሃህላ ኢዩ። ኢሳያስ፡ ደጊሙ ደጋጊሙ መን ምዃኑን ንመን ረብሓ ደው ከምዝበለን ይሕብረና ኢዩ ዘሎ።
- እዞም ኣብ ላዕሊ፡ ብዝርዝር ተጠቂሶም ዘለዉን ካለኦት ብወገን ኢሳያስን ተላኣኽቱ ሓለፍቲ ኤርትራን ኣብ ዝሓለፈ ዳርጋ ዓመትን ፈረቓን ንሉዕላውነት ኤርትራ ከም ሃገርን ከም ህዝቢን ዝብሕጉጉ ክገብርዎም ዝጸንሑ ተግባራትን፡ ከዘውትርዎም ዝጸንሑ ባህርያትን ብዕቱብ እንተራኣና፡ ጥቕልል ብዝበለ ኣዘራርባ፡ ኤርትራ ቐስ ብቐስ ሉዕላውነታ ከም ሃገር እንዳሳኣነት ትኸይድ ዘላ ኮይና ኢና ንርኽባ። ኢትዮጵያ፡ ሓይሊ ባሕሪ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ ንኽትምስርት መደብ ከምዘለዋ ምግላጻ፤ ካብ ወደብ ዓሰብ ናብ ኢትዮጵያ ዝዝርጋሓ ናይ ነዳዲ ሻምብቖታት ውዕል፡ ኤርትራ ዘየላትሉ፡ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ሕቡራት ዓረብ ኢመሬትን ምፍራሙ፤ ካብ ኤርትራዊት ወደብ ባጽዕ ናብ ኣዲስ ኣባባ፡ ኢትዮጵያ፡ ዘራኽብ ናይ ባቡር ሓዲድ ንምዝርጋሕ ዘኽእል መጽናዕቲ ንምግባር ንዘድሊ ወጻኢታት መንግስቲ ጣልያን ንኽሽፍን ዝዓለመ ስምምዕ፡ ኤርትራ ዘየላትሉ፡ ኣብ መንጎ መንግስታት ኢትዮጵያን ጣልያንን ምግባሩ፤ እዞም ኲሎም ንሉዕላውነት ኤርትራ ዝግህሱ ወስታት (ከም ኤርትራ ዝሓወሰ ካርታ ኢትዮጵያ ኣብ ከተማታት ኢትዮጵያ ምልጣፍን ምዝርጋሕን ካለኦት ተመሳሰልቲ ናይ ማሕበራዊ መድያ መግለጺታትን ኣስተምሕሮታትን) እንዳተገብሩ ከለዉ፡ ብወገን ኢሳያስን ስርዓቱን ዝተዋህበ ወግዓዊ ናይ ተቓውሞ መግለጺታት ዘይምህላዎምን፡ ዘርእዮ ሓቂ እንተሎ፡ ብውሕዱ፡ ሉዕላውነት ኤርትራ ኣብ ዕዳጋ ወሪዱ ከምዘሎ ኢዩ። ኤርትራ ኣብ መጋብእያታት ዓለም፣ ኣፍሪቃ ብሓፈሻን ኣብ ዞብ ቀርኒ-ኣፍሪቃ ካኣ ብፍላይን፡ ንሉዕላዊ መሰላ ዝምጉተላን ዝጣበቐላን መሪሕነት የብላን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ሉዕላውነታ ንኢትዮጵያ ከምዝተመጠወ ዘርእዩ ምልክታት ሓያለ ኢዮም። እዚ ካኣ፡ ህዝቢ ኤርትራ በቲ ኣብ ማእገሩ ሓንጊሩ ኣስመራ ዘእተዎ ኢሳያስ ተጠሊሙን ንዳግማይ ዓመጽን ኣብ ትሕቲ ኣርዑት ባዕዳዊ መግዝእቲ ንኹቑረን ተፈሪዱ ከምዘሎ ኢዩ ዘርኢ። እሞ ዳኣ፡ ህዝቢ ኤርትራ እንታይ ኢኻ ትጽበ ዘለካ? እስከ ክጽዋዓካ ኣብየት በለኒ፡-

*ዎ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኢሳያስ ከምዝጠለመካን፡ ንረብሓኻ ከምዘይቆመን ደጋጊሙ ይሕብረካ ኣሎ። ስለዝኾነ፡ እቲ መፍትሒ ጸገምካ፡ ካብ ኢሳያስ ዘይኮነስ ካባኻ ኢዩ ክርከብ ዝካኣል። እቶም ምስ ኢሳያስ ዝወፈሩ ደቀይ ኣበይ ኣለዉ ኢልካ ሕተት። ኢሳያስ ንበይኑ ከምይ ገይሩ ይተርፍ ኢልካ ሕተት። ኢሳያስ፡ ኣብ ቅድሚ ዓይንካ፡ ንደቅካ ከም ጨው ከሕቅቖም ከሎ ሪኢካ ኢኻ። ኢሳያስ፡ ንስካ ብናይ ጥሜት ሓለንጊ እንዳተገረፍካ ከለኻ፡ ሃብትካ ንናይ ኢትዮጵያ ተቓወምቲ ኣብ ኤርትራ የዕጥቐሉን ይቕልበሉን ነይሩ። ሕጂ ካኣ፡ ነቶም ዘዕጥቐምን ዝቕልቦምን ዝነበሩ ኢትዮጵያውያን ንምድጋፍ፡ ኩሉ ዓቕሚ ኤርትራ፡ ረብሓ ኢትዮጵያ ንምርግጋጽ ተወፊዩ ኣሎ።*

ስለዝኾነ፡ ጸገምካ ብጆኻ ዝፈትሓልካ ስለዘየለ፡ ሓይልካ ኣዋሃሂድካ ኣንጻር ዓመጽቲ ብምቅላስ፡ ምልካዊ ስርዓት ኣልጊስካ፡ ፍትሓዊት ኤርትራ ክውን ትገብረሉ ጊዜ ጽባሕ ዘይኮነስ፡ ሎሚ ኢዩ'ሞ፡ ተላዓል፣ ሓድነትካ ኣደልድል፣ ቃልስካ ንፍትሒ ኣዋዓዲ።

ዝተቃለሰ ህዝቢ ይዕወት!
ክንዕወት ኢና!
2020 ዓ/ም፡ ዓመተ ራህዋ፣ ሰላም፣ ፍትሒን ቅሳነትን ይግበሮ

የቀንየለይ